ኮሌጅና ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ መቐለ ኣብ ውሽጡ ዝርከቡ ኣብ ስራሕ ዘይውዕሉ ዝተፈላለዩ ኣቕሑት ብጨረታ ኣወዳዲሩ ከወግድ /ክሸይጥ ይደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 29, 2018 (ቅድሚ ሓደ ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሶኒ የካቲት 9, 2018 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:150
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሶኒ የካቲት 9, 2018 04:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቕሑት መሸጣ/

ቑፅሪ ዕ/ፋ/ን/ምም/ር/1434/18

ዕለት 29/05/2018 ዓ/ም

ምልክታ ውገዳ ንብረት ቁፅሪ 01/2018 ዓ/ም

ኮሌጅና ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ መቐለ ኣብ ውሽጡ ዝርከቡ ኣብ ስራሕ ዘይውዕሉ ዝተፈላለዩ ኣቕሑት ብጨረታ ኣወዳዲሩ ከወግድ /ክሸይጥ ይደሊ። በዚ መሰረት እዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት እተማልኡ ተወዳደርቲ መፂእኹም ምጭራት ትኽእሉ ኢኹም።

መምርሒ ተወዳደርቲ /ተጫረቲ

1/ ተጫረቲ ናይቲ ዝሸየጥ ንብረት ዝርዝር ዝሓዘ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 150 ( ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ብር ) ብምኽፋል ካብ ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ መቐለ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 08 ካብ ዕለት 29/05/2018 ዓም ክሳብ ዕለት 08/06/2018 ዓ/ም ኣብ ዘለው ናይ ስራሕ መዓልታት መፂእኹም ክትወስዱ ትኽእሉ "፡

2/ እቲ ጨረታ ዕለት 09/06/2018 ዓ/ም ቅድሚ ቐትሪ ልክዕ ስዓት 3:30 ተዓፅዩ በዚ ዕለት ልክዕ ስዓት 4:00 ቅድሚ ቐትሪ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኸቡሉ ይኸፈት። ተጫረቲ ብዘይ ምርካቦም ግን እቲ ጨረታ ኣይተኣጓጎልን ። ኣጋጣሚ ኾይኑ ጨረታ መኽፈቲ ዕለት ካብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ወፃኢ እንተውዒሉ እቲ ጨረታ ቀፂሉ ኣብ ዝህሉ ናይ ስራሕ መዓልቲ ዝኸፈት ይኸውን ።

3/ ኣብ ሰነድ ጨረታ መሊእኹም እተቕርቡዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉን ብደምቢ ዝንበብን ክኸውን ኣለዎ።

4/ ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ዋጋ ብር 3000 ( ሰለስተ ሽሕ ብር ) ብጥረ ገንዘብ ውይ ድማ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ክተትሕዙ ኣለኩም ።

5/ ተጫረቲ ናይቲ እትወዳደሩሉ ንብረት ኩነታት ብኣካል ብምርኣይን ግልፂ ዘይኮነልኩም ሕቶ እንተሀሉ ካብ ዝምልከቶ ብዓል ሞያ መብርሂ ብምርካብን ግልፂ ኮይንኩም ዋጋ ክትመልኡ ኣለኩም።

6/ ኣብዚ ጨረታ ስዓራይ ዝኾነ ተጫራቲ ስዓራይ ምኟኑ ብደብዳበ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3' ናይ ስራሕ መዓልታት ናይቲ ዝሰዓሮ ንብረት መጠን ገንዘብ ቅድሚያ ኣታዊ ብምግባር ብናይ ባዕሉ መጓዓዚያ ከልዕል ዘለዎ ኾይኑ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለት ናይ ዝሰዓሮ ንብረት መጠን ገንዘብ ኣታዊ እንተዘይገይሩ ግን ዘትሓዞ ዋጋ መኽበሪ ጨረታ ዝውረስ ይኸውን ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

7/ ኮሌጅና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብምሉእ ኮነ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

8/ ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 03-44-40-45-92 ደዊልኩም ምሕታት ትኽእሉ፡፡

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle